# ወንጌል ዮሓንስ ም. 9
# በእንተ ዘዕዉሩ ተወልደ

ተዋሳእቲ፡- ዜናዊ፡ ኢየሱስ፡ ዕውር፡ ሓዋርያት፡ ጐረባብቲ፡ ወለዲ፡ ፈሪሳውያን

## ምርኢት ሓደ
### ዜናዊ፡ ሓዋርያት፡ ኢየሱስ

ዜናዊ፡ ኢየሱስ ብመንገዲ ኪሓልፍ እንከሎ፡ ብዑሩ ዝተወልደ ሓደ ሰብኣይ ረአየ።

ሓዋርያት፡ መምህር፡ እዚ ሰብዚ ዕዉር ኰይኑ ኪውለድሲ መን ኢዩ ዝበደለ፡ ንሱ ዲዩ ወይስ ወለዱ?"

ኢየሱስ፡ ግብሪ ኣምላኽ ኣብኡ ምእንቲ ኪገሃድ ኢዩ ኣምበር፡ ንሱ ኰነ ወይ ወለዱ ኣይበደሉን። ሓደ እኳ ኪዓየላ ዘይከኣሎ ለይቲ ትመጽእ ኣላ እሞ፡ መዓልቲ ከላ ግብሪ እቲ ዝለኣኸኒ ክሰርሕ ይግባኣኒ ኢዩ። ኣብ ዓለም ከለኹ ብርሃን ዓለም ኣነ ኢየ።

ዜናዊ፡ እዚ ኢሉናብ ምድሪ ጡፍ በለ፡ በቲ ጥፍጣ'ውን ጸብሪ ገበረ፡ በቲ ጸብሪ ከአ ኣዕዩንቲ እቲ ዕዉር ለኸየ እሞ፡

ኢየሱስ፡ ኣብ ቀላይ ሰሊሆም ከድካ ተሓጸብ

ዜናዊ፡ ሰሊሆም ልኡኽ ማለት ኢዩ። ንሱ ከደ ተሓጽበ እናረኣየ'ውን ተመልሰ።

## ምርኢት ክልተ
### ዜናዊ፡ ዕዉር፡ ጐረባብቲ

ጐረቤት፡ እዚስ እቲ ተቐሚጡ ዚልምን ዝነበረዶ ኣይኮነን?

ካልእ ጐረቤት፡ ንኣኡ ዚመስል ኢዩ ኣምበር፡ ንሱስ ኣይኮነን

ዕዉር፡ ኣነ ኢየ!

ገረባብቲ፡ ከመይ ኢለን ደኣ ኣዕዩንትኻ ተኸፍታ?

ዕዉር፡ እቲ ኢየሱስ ዚበሃል ሰብኣይ ጸብሪ ገይሩ፡ ኣዒንተይ ለኸዩ፤ ናብ ሰሊሆም ኪድ እሞ፡ ተሓጸብ" በለኒ። ከይደ ምስ ተሓጸብኩ ድማ ረኣኹ።

ገረባብቲ፡ እቲ ሰብኣይከ ኣበይ ኣሎ?

ዕዉር ዝነበረ፡ ኣይፈልጥን

## ሣልሳይ ምርኢት
### ዜናዊ፡ ዕዉር ዝነበረ፡ ጐረባብቲ፡ ፈሪሳውያን

ዜናዊ፡ ሽው ነቲ ዕዉር ዝበነረ ናይ ፈሪሳውያን ወሰድዎ። እታ ኢየሱስ ጸብሪ ገይሩ ኣዕይንቲ ዝኸፈተላ መዓልቲ ሰንበት ነበረት። ስለዚ ፈሪሳውያን ከመይ ገይሩ ከምዝረኣየ ከብሓዲስ ሓተትዎ። ንሱ ከኣ፡

ዕዉር ዝነበረ፡ ጸብሪ ኣብ ኣዕይንተይ ገበረለይ፡ ተሓጸብኩ እሞ ረኣኹ

ፈሪሳዊ 1፡ እዚ ሰብኣይ እዚ ሰንበት ካብ ዘየኽብርስ ካብ ኣምላኽ ኣይኮነን

ፈሪሳዊ 2፡ ኃጥእ ሰብ ደኣ ከመይ ገይሩ ከምዚ ዝበለ ተኣምራት ኪገብር ይኽእል?

ዜናዊ፡ ኣብ ሞንጎኦም ምፍልላይ ኮነ። ሽው መሊሶም ነቲ ዕዉር

ፈሪሳውያን፡ ንስኻኸ፡ ኣዕይንትኻ ከፈቱልካ ኢዩ እሞ፡ ብዛዕባኡ እንታይ ትብል?

ዕዉር፡ ነቢይ ኢዩ!

## ራብዓይ ምርእቲ

### ወለዲ፡ ፈሪሳውያን፡ ጕረባብቲ

ዜናዊ፡ ኣይሁድ ግና ወለዲ እቲ ዕዉር ክሳዕ ዚጽውዑ፡ ዕዉር ነይሩስ ከምዝረኣየ ኣይኣመኑዎን ነበሩ። ስለዚ፡

ፈሪሳዊ 1፡ እቲ ብዕዉሩ ተወሊዱ እትብልዎ ወድኹም እዚ ዲዩ? ሕጂ ደኣኸ ከመይ ኢሉ ኢይርኢ ኣሎ?

ወላዲ 1፡ እዚ ወድና ከምዝኾነን ዕዉር ኰይኑ ከምዝተወልደን ንፈልጥ። ሕጂ ግና ከመይ ኢሉ ይርኢ ከምዘሎ ኣይንፈልጥን። ንዕኡ ሕተትዎ፡ ብጽሒ ኢዩ። ብዛዕባ ርእሱ ባዕሉ ይዛረብ።

ዜናዊ፡ እቶም ወለዲ ንኣይሁድ ፈሪሆም ኢዮም እዚ ዝበሉ። ምኽንያቱ ኣይሁድ "ንሱ ክርስቶስ ኢዩ፡ ኢሉ ንዝመስከረ ካብ ቤት ጸሎቶም ኪስጕጉ ተሰማሚዖም ነበሩ። ስለዚ ኢዮም'ውን ወለዱ "ንሱ በጽሒ ኢዩ፡ ሕተትዎ" ዝበሉ።

## ሓምሻይ ምርኢት

### ዕዉር ዝነበረ፡ ፈሪሳውያን፡ ጕረባብቲ

ዜናዊ፡ ሽው ነቲ ዕዉር ዝመበረ ሰብአይ ካልኣይ ጊዜ ጸዊዖም፡

ፈሪሳዊ 1፡ ሓቂ ብምዝራብ ንእግዚኣብሔር ክብሪ ሃብ። ንሕና እዚ ሰብኣይ ሓጥእ ከምዚኾነ ንፈልጥ ኢና።

ዕዉር፡ ኣነስ ሓጥእ ከምዝኾነ ኣይፈልጥን፡ ዕዉር ከምዝነበርኩን ሕጂ እርኢ ከምዘሎኹን እዛ ሓንቲ ነገር እዚኣ ኢየ ዝፈልጥ።

ፈሪሳዊ 2: እንታይ ገበረልካ? ከመይ ገይሩ ኣኣዕይንትኻ ከፈተልካ?

ዕዉር፡ ቅድሚ ሕጂ ነጊረኩም ኣይሰማዕኩምን፡ ንምንታይ ከምብሓድሽ ክትሰምዑ ትደልዩ ኣሎኹም? ንስኻትኩም'ውንዶ ደቂመዛሙርቱ ክትኾኑ ትደልዩ ኢኹም?

ፈሪሳውያን፡ ወዲ መዝሙሩ ንስኻ ኢኻ! ንሕና ግና ደቂ መዛሙርቲ ሙሴ ኢና። ንሕናስ ኣምላኽ ንሙሴ ከምዝተዛረቦ ንፈልጥ ኢና። እዚ ግና ካበይ ከምዝኾነ ኣይንፈልጥን ኢና!

ዕዉር፡ እሞ! እቲ ዜገርም እዚን ዲዩ!ንስኻትኩም ካበይ ከምዝኾነ ዘይትፈልጥዎ ንኣይ ኣዕይንተይ ከፈተለይ። ፈሪሃ እግዚኣብሔር ንዘለዎን ፍቓዱ ንዚፍጽምን ንእኡ ኢዩ ዚሰምዖ እምበር፡ ኣምላኽ ንኃጥኣን ከምዘይሰምዖም ንፈልጥ ኢና። ዓለም ካብዚፍጠር ጀሚሩ ብዕዉሩ ዝተወልደ ሰብ ኣዕይንቱ ኸፈቱሉ ዚብሃል ከቶ ኣይተሰምዐን። እዚ ሰብ እዚ ካብ ኣምላኽ እንተዘይከውን ደማ ገለ ኪገብር እኳ ኣይምተኻእሎን ነይሩ።

ፈሪሳውያን፡ ንስኻ ዂለንተናኻ ብሓጢኣት ዝተወለድካ ከሎኻ ንኣና ክትምህረና!

ዜናዊ፡ እናበሉ ተዛረብዎ። ካብ ቤት ጸሎቶምውን ኣአፅእዎ።

## ሻድሻይ ምርኢት

### ኢየሱስ፡ ዕዉር ዝነበረ፡ ተዓዘብቲ ፈሪሳዊ

ዜናዊ፡ ኢየሱስ ናብ ወጻኢ ከምዘውፅእዎ ሰምዐ። ምስ ረኸበ

ኢየሱስ፡ ብወዲ ሰብዶ ትኣምን ኢኻ?

ዕዉር ዝነበረ፡ ጐይታይ ብእኡ ክኣምንሲ መን ኢዩ ንሱ?

ኢየሱስ፡ ርኢኻዮ ኣሎኻ፡ እዚ ሕጂ ዚዛረበካ ዘሎ ንሱ ኢዩ

ዕዉር ዝነበረ፡ ጐይታይ እኣምን

ዜናዊ፡ እናበለ ሰገደሉ

ኢየሱስ፡ ኣነ እቶም ዘይርእዩ ምእንቲ ኪርእዩ፡ እቶም ዚርእዩ ድማ ምእንቲ ኺያሩ ኢለ ንፍርዲ ኢየ ናብዛ ዓለም መጺአ ዘሎኹ።

ፈሪሳዊ፡ ንሕናኸ ዕዉራት ምኻና ዲና?

ኢየሱስ፡ ዕዉራት እንተትኾኑስ ኃጢኣት ኣይምኾነኩም ነይሩ፤ ሕጂ ግና "ንርኢ ኢና" ትብሉ ኣሎኹም፡ ስለዚ ኃጢኣትኩም ኣባኻትኩም ይነብር ኣሎ።

እዚ ኢየሱስ ንሓደ ብዕዉሩ ዝተወልደ ሰብ ዜሕውዩ ኣብነት ነቶም